ንካልኣይ ግዜ ዝወፀቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ንብረት ምምሕዳርን ወረዳ ሰይምቲ ኣድያቦ ቀፀሊም ዝተዘርዘሩ ህንፃ መሳርሒ : ሕርሻ እታወት መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሚያዝያ 13, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 29, 2017 5:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:መሳርሒ ህንፃ 3000 ቅርሺ : ን ሕርሻ እታወታት መሳርሒን 15000
- ቦታ:ቃፍታ ሑመራ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 29, 2017 5:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ሕርሻ መሺነሪ/ ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/

1 ናይ 2017 ዓም ፍቃድ ንግዲ ዘሐደስኩም ንህንፃ መሳርሒ : እታወታት ሕርሻ መስርሕን ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገበን ናይ ወርሒ ለካቲት 2017 ዓም ዲክላሬሽን ከቅርብ ዝክእል

2 መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ /ቲን ቁፅሪ / ዘለኩም : ናይ 2017 ዝተሐደሰ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር ሰርተፊኬት ብቅዳሕ መልክዕ ምስ ሰነድ ጨረታ ከቅርቡ ዝክእሉን : 2 ሚእታዊ ዊዝ ሆልድንግ ታክሲ ክከፍል ዝክእል

3 ናይ ዝቀርብ ዓይነት ንብረት ፈቃድ ንግዲ በቲ ዘርፊ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

4 ጨረታ ሰነድ ዋናን ቅዳሕን ተባሂሉ ነኒበይኑ ተዓሺጉ ክቅርብ ይግባእ

5 ኣብ መንግስታዊ ጨረታ ኣብ ዝኮነ ይኹን ትካል ዝተኣገደ ነጋዳይ ኣብዚ ጨረታ ክሳተፍ ኣይክእልን

6 ከይዲ ጨረታ ብዘኣይአገባብ ንምዝባዕ ምፍታን ብሕጊ ዘሐትንን ጨረታ ንከይሳተፍ ክሳብ ምእጋድ ስጎምቲ ዘስዕብ ምካኑ ንሕብር

7 ንሕድሕድ ጨረታ ሰነድ እንትምላእ ሽም : ኣድራሽ :ፊርማን : ማህተምን ክዓርፎ አለዎ

8 ሰዓራይ ዝፈለየሉ ንብስወከፈ ኣቅሓ ዝተሐተ ዋጋ ዝመለአ ይከዉን

9 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ን30 መዓልቲ ይከዉን

10 ንሕድሕድ ጨረታ ሰነድ ዋጋ እንትምላእ በቲ ዝቀረበ ስፐሰፊኬሽን ክምላእ አለዎ ናይ ባዕልካ እስፐሲፈኬሽን ምእታዉ ኣይፈቀድን ግልፂ ኣይኮነን ኢሉ ምስ ዝኣምን ድማ ብኣካል ቀሪቡ ወይ ብስልኪ ክሓትት ይግባእ

10 ጨረታ መከበሪ መሳርሒ ህንፃ 3000 ቅርሺ : ን ሕርሻ እታወታት መሳርሒን 15000 ቅርሺ ብጥረ ገነዘብ ወይ ብስፒኦ ከትሕዙ ዝክእሉ ምካንኩም ክንገልፅ ንፈተዉ ከምእዉን መከበሪ ጨረታ ዝልቀቅ ሰዓራይ ዉዕሊ ምስኣሰረ ይከዉን

12 ሰዓራይ ጨረታ ክኣስር ዝክእልን ካብ ጠቅላላ ዋጋ 10 ሚእታዊ ዉዕሊ መከበሪ ከትሕዝ ዝክእል

13 እቲ ሰነድ እንትምላእ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ ኣይግባእን እንተሃልዎ ፊርማ ክዓርፎ አለዎ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

14 ኣብ ቤት ፅሕፈት ጨረታ ምስተከፈተ ካምኣድላይነቱ ናይቲ ዝግዛእ ኣቅሓ ክሳብ 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይ ክቅንስ ይክእል

15 ጨረታ ሰነድ ጨረታ ካብ ዕለት 14/8/2017 ዓም ክሳብ 28/8/2017 ዓም ካብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስ ከይዲ ሰራሕ ምምሕዳር ንብረትን እናመፃእኩም ኣብ ናይ ሰራሕ መዓሰለቲ ዘይምለስ 300 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ትክእሉ

16 እቲ ጨረታ 29/8/2017 5:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 5:30 ይክፈት

17 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙለእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0914779492 / 0952812972

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle